# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.219 | ሰንበት 12 ግንቦት 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ሓደ-ሓደ ካብ ታሪኽና ብሓጺሩ (፲)

ገጽ 3 — መልእኽቲ ሚኒስትሪ ሕርሻ

ገጽ 4 — ድሕሪ ዘመነ ንግስነት



ገጽ 5 — ምልክታ

ገጽ 7 — “ምኽሪ ክልተ የሚናታት”




## መበል 33 ዓመት ጽንብል ናጽነት ንምድማቕ፡ ቀንዲ ጐደናታት ኣስመራ ብሕብራዊ መብራህቲ ወቒቡ




“ውሕስነት ሰላም ብመኽተ” ብዝብል ቴማ ዝበዓል ዘሎ መበል 33 ዓመት ጽንብል ናጽነት ኤርትራ ንምድማቕ፡ ቀንዲ ጐደናታት ከተማ ኣስመራ ብሕብራዊ መብራህቲ ወቒቡ።

እዚ ካብ 10 ግንቦት ክሳብ ድሕሪ 24 ግንቦት በሪሁ ዝቕጽል ሕብራዊ መብራህቲ፡ ኣካል ናይ'ቲ በዓል ናጽነት ብዝደመቐን ዝማዕረገን ኣገባብ ንምጽንባል፡ ብህዝብን ኣካላት መንግስትን ክካየድ ዝጸንሐ ምድላዋት'ዩ።

በዚ መሰረት፡ ጐደናታት ሓርነት፡ ሰማእታት፡ ባሕቲ መስከረምን ካልኦትን ሕብርታት ባንዴራ ኤርትራ ብዝውክል ሕብርታት መብራህቲ ተሸሊሙን ወቒበን ደርከበ።

መበል 33 ጽንብል ናጽነት ኤርትራ ንምድማቕ፡ ካብ 27 ሚያዝያ ጀሚሩ ባህላዊ ምርኢታት ማለት 'ኮንሰርት'፣ ቅነ ናጽነት ኣብያተ-ትምህርቲ፣ ስፖርታዊ ውድድራት፣ ውድድር ቅዲ ባህላዊ ኣልባሳትን ካልእን ድሮ ዝካየድ ዘሎ መደባት ኩይኑ፣ ኮማዊ ዳሳት፡ ናይ ጐደና ሳዕስዒት፡ ምርኢት ጉጅለታት ባህሊ ኣብ ቀንዲ ጐደናታትን ካልእን ድማ ኣብ ዝቕጽል መዓልታት ዝካየድ ክኸውን'ዩ።

“በዓላትና ብሓፈሻ ንመንነትናን ምስልናን ዘንጸባርቑ ኣገደስቲ ጽምብላት'ኳ እንተኾኑ፡ ጽንብል ናጽነት ግን ሓለፋ ኣለዎ” ዝበለ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ማእከል ኣቶ ኣስመሮም ጺጋብርሃን፡ እዚ ረዚን ትርጉም ንምድማቕ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ሃገራዊ ክብርታት ናብ መንእሰያትን ተመሃሮን ንምስግጋር ዘኽእል ሰፊሕ ምድላዋት ከምዝተገበረ ኣፍሊጡ።

ንኮማዊ ዳሳት ኣመልኪቱ ድማ ኣቶ ኣስመሮም፡ ካብ 22 ክሳብ 24 ግንቦት ኣብ 13 ንኡስ ዞባታት ከተማ ኣስመራ 60፣ ኣብ ንኡስ ዞባታት በረኽ፡ ጋሉፍሒ ሰረጃቓን ድማ 86 - ብድምር 146 ዳሳት ሰፊትን ሓደኑትን ክትከል ምዃኑ ገሊጹ።

እዚ ክብር ሃገራዊ በዓል ምኽንያት ብምትሕብባር፡ ማዕከናት ዜና ኤርትራ፡ ካብ 13 ግንቦት ጀሚሩ፡ ንትርጉም ናጽነትን ኣብ ምምጻኣን ምዕቃብን ዝተኸፍለ ዋጋን፡ ተራን ኣበርክቶን ሓፋሽ ኣብ መደባት ልምዓትን መኸተን፡ ከምኡ'ውን ገስጋስ መደባት ልምዓት በብጾላቱ ዘንጸባርቕ ዝተፈላለዩ ትሕዝቶታት ከቕርብ ምዃኑ ንሕብር።

ብተመሳሳሊ፡ ብምኽንያት ጽንብል መበል 33 ዓመት ናጽነት፡ ሃገራዊ ማሕበር ዲዛይነራት ኤርትራ፡ “ሕብሪ ብሄራዊ ኣልባሳትና፡ ሕላገት መንነትና” ብዝብል ቴማ ብመልክዕ ውድድር ዝወደቦ ምርኢት ቅዲ ኣልባሳት፡ ትማሊ 10 ግንቦት ኣብ ኣስመራ - ሆቴል ኣምባሶይራ ተኸፊቱ።

እቲ ውድድር፡ ኣብ መንጎ ካብ ዞባታት ማእከል፡ ደቡብን ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ዝመጹ 45 ሞያውያን ቅዲ ማለት 'ዲዛይነራት' ይካየድ ከምዘሎ ዝሓበረ፡ ኣቦመንበር ሃገራዊ ማሕበር ዲዛይነራት ኤርትራ ኣቶ ኣብርሃም ሱልጣን፡ 15 ዕወታት ተመማዋም ኣብ'ቲ ዝመጽእ ሰሉስ 14 ግንቦት ዝካየድ ናይ መወዳእታ ውድድር ከምዝሳተፉ ገሊጹ።

ዕላማ'ቲ ውድድር፡ ሞያውያን ቅዲ ኣልባሳት ተጠርኒፎም ፍርያቶም ዘቕርቡሉ መድረኽ ብምፍጣር፡ ጽንብል ናጽነት ኣብ ምድማቕ እጃም ንምብርኻት ከምዝኾነውን ሓቢሩ።

እቲ ንውድድር ቀሪቡ ዘሎ ኣልባሳት፡ ክሳብ 13 ግንቦት ንህዝቢ ክፉት ኩይኑ ክቕጽል'ዩ።

ሃገራዊ ማሕበር ዲዛይነራት ኤርትራ፡ ኣብ 2022 ኣብ ትሕቲ ጽላል ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ዝተመስረተ ኩይኑ፡ ዛጊት ልዕሊ 100 ኣባላት ኣለውዎ።

## ማእከል - ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን፡ ብሞያ ስነ-ጽባቐ ዘሰልጠነን 22 ኣባላቱ ኣመሪቑ




ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ጨንፈር ዞባ ማእከል፡ ንክልተ ኣዋርሕ ብሞያ ስነ-ጽባቐ ዘሰልጠኖን 22 ደቂኣንስትዮ ኣባላቱ፡ ብ9 ግንቦት ኣመሪቑ።

እቲ ስልጠና፡ ምምልኻዕ ገጽ፡ ሓፈሻዊ ጽሬት ኣካላትን ምንቃሽን፡ ኣጠቓቕማ ክሬማትን ካልእን ዘጠቓለለ'ዩ ነይሩ።

ሓላፊ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ያሲን ኣሕመድ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ስንኩላን ብሓፈሻ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዘለዎም ቈልዑ ድማ ብፍላይ፡ ካብ ማሕበራዊ ተሳትፎ ተናጊፎም ኣፍሪም ዝኽእሉሉ ባይታ ንምጥጣሕ፡ ምስ ሚኒስትሪ ትምህርትን ካልኦት ናይ ስራሕ መሻርኽትን ተወሲዶም ክሰርሑ ምጽንሖም ብምጥቃስ፡ እቲ ስልጠና ኣካል ናቱ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ሓላፊ ክፍሊ ውዳበ ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ኤርትራ ኣቶ ኣብርሃሊይ ኣበራ ብወገኑ፡ ኣብ ማሕበር ምጥርናፍ ኪኖ ንስንኩላን ቈልዑ ዝህልዎ ረብሓታት፡ ጾር ወለዲ ኣብ ምቕላል'ውን ግደ ስለዘለዎ፡ ንስንኩላን ደቆም ክሳብ ሕጂ ኣብ ማሕበር ዘየመዝገቡ ወለዲን ኣለይትን ተኻፈልቲ ናይ'ቲ ረብሓታት ክኾኑ ዘለዎም ተላቢዩ።

ኣቲ ስልጠና ብዘዳ ዝሃበት ዲዛይነርን ክኢላ ስነ-ጽባቐን ወ/ሮ የሩሳሌም ዘርኣይ ድማ፡ ግዜኣ ኣብ ከምዚ ዝበለ ሰናይ ተግባር ምሕላፉ ከምዝሕጉሳ ጠቒሳ፡ ካልኦት ዜጋታት ተመሳሳሊ ተበግሶ ክወስዱ ተማሕጺና።

ገጢ-ገጢ ደቆም ነቲ ስልጠና ዝተኸታተሉ ወለዲ ብወገኖም፡ ዝቐሰምዎ ሞያ ንደቆም ክኾኖም ንዝጸንሑ ናብዮት፡ ከምኡ'ውን ኣካላዊ ጽሬትን ምምልኻዕን ዓቢ ተራ ከምዘሃልዎ ብምጥቃስ፡ ነቲ ስልጠና ንዝወደበ ማሕበር ኣመስጊኖም።

# ኩርናዕ ተመሃሮ


ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ሓደ-ሓደ ካብ ታሪኽና ብሓጺሩ (I)

ቀደም ዘመን ዝሓየለ ክሳብ ድላዩ እናኸደ መሬት ይግብት፡ ሃብቲ እቲ ከባቢ ይራሲ፡ ሰብ የበሳስብስ ነበረ። ኣብ ታሪኽ ዓለም ብዙሓት ዓበይቲ ግዝኣታት ዝነበሮም ንግስነታት ሓሊፎም እዮም። ኲሎም ከኣ በብእዋኖም ይመጽኡን ይጠፍኡን ነበሩ። ኤርትራ ሃገርና’ውን ካብ ቀደም ኣትሒዛ በዞም ዓበይቲ ንግስነታት ትጽሎ ነበረት። ንኤርትራ ካብ ዝገዝኡኣ ሃገራት ብቐደም-ተኸተል ክንሰርዖ እንከለና ካብ ንግስነት ኦቶማን - ቱርኪ - ኣትሒዝና ኢና እንጅምር።

ንግስነት ኦቶማን ንዘመናት ዝጸንሐ ሓያል ንግስነት’ዩ ዝነበረ። መጀመርታ ካብቲ ዝነበሮ ማእከላይ ኤስያ፡ ብ1356 እዩ ናብ ኤውሮጳ ክስፋሕፍሕ ጀሚሩ። ካብ 14 ክሳዕ 17 ክፍለ- ዘመን ኦቶማውያን ቱርካውያን፡ ኣብ ከባቢ ማእከላይ ባሕሪ ዝርከብ ሰፊሕ መሬት ክቈጻጸሩ ከኣሉ። ንውሑድ ክፉል ኤስያ ድሕሪ ምቁጽጻሮም፡ ንኣርማንያ’ዮም መጀመርታ ዝወረሩ። ንባልካን ፐንዙላ፡ ሰርብያ፡ ሩማንያ፡ ግሪኽን ቡልጋርያን ተቘጻጺሮም። እንተኾነ ቱርካውያን፡ ብ1683 ኣብ ሰይጅ - ቨይና - ድሕሪ ዝወረዶም ስዕረት ናይ ኤውሮጳ ገስጋሶም ደዉ በለ። ድሕሪ’ቲ ስዕረት ኣብ ኤውሮጳ ክግስግሱ ኣይከኣሉን። ናብ ሰሜን ኣፍሪቃ፡ ገማግም ማእከላይ ባሕሪ ዝርከባ ብምቕናዕ፡ ንሊብያ፡ ግብጺ፡ ቱኒዝያን ኣልጀርያን ተቘጻጸሩ። ዳርጋ ዝዓበየ ክፋል ገማግም ማእከላይ ባሕሪ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሮም ነበረ። ድሕሪ ማእከላይ ባሕሪ፡ ናብ ቀይሕ-ባሕሪ ብምስጋር ናብ ገማግም ባሕሪ ኤርትራ መጽኡ። ንወደብ ምጽዋዕ ከኣ ብ1557 ተቘጻጸሩዋ።

ኣብ ኤርትራ ዝነብሩ ዝነበሩ ሰብ፡ በብግዜኡ እናተጠርነፉ፡ ካብ እንዳዊ ኣተሓሕዛ ወጺኦም ዝምሓደሩሉ ኣገባባት እናኣማዕበሉ መጺኦም ነበሩ። ነዚ ቀዋሚ መልክዕ ዝሓዘ ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብ 16 ክሳዕ 19 ክፍለ-ዘመን ብዙሕ ግዜ ናይ ወራርን ጎቦጣን ፈተነታት ተኻይድሉ እዩ። ካብቲ ነቲ ምትእትታው ዝደረኸ ምኽንያት ሓደ ኸኣ ምስፍሕፋሕ ንግስነት ኦቶማን ምዃኑ ይንገር። ቱርካውያን ንወደብ ምጽዋዕ ድሕሪ ምቁጽጻሮም፡ ናብ ከበሳታት ኤርትራ እዮም ክድይቡ ዝጀመሩ። ካብ ባሕረ-ነጋሲ “መረብ ምላሽ” ድማ ተቓውሞ ገጠሞም። ኣብዚ ኣብ ከበሳታት መረብ ምላሽን ኣቢሲንያን ዝተኻየደ ዓውደ-ውግኣት ክዕወቱ ዘይከኣሉ ቱርካውያን፡ ኣብ ገማግም ባሕሪ ክሕጸሩ ተገደዱ። ኣብዚ ገማግም ከኣ ክሳዕ 1865 ብቐጥታን ብኢደ ዙርን ጸንሑ። ***




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣስፍሃ ተኸለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ተስፋልደት መብራህቱ

ቤተልሄም ታደሰ

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም

ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.200454-07121322

ምልክታ

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


## ባንዴራ

ናብ ክፍሊ ምስ ኣተና ተቐዳዲመ ናብ ሰፈርና፡ ናብ ያኔት፡ ኣምራሕኩ። ናይ ሎሚ ናይ ፊዚክስ ክፍለ-ግዜ ያኔት ብተኸርቦ ኣርእስቲ’ዩ ክሓልፍ። “እንታይ ደኣ ትሓስቢ ኣለኺ?” ሓተትኩዋ ቅድሚ ኮፍ ምባለይ።



“ዋላ!” ንኽሰዕማ ገጻ እናሃበትኒ መለሰት። “እንታይ ’ስከ፡ እታ ሓሲበያ ዝነበርኩ ኣርእስቲ እንድዩ ሃንደበት ክቕይራ ደልዩ።”

“እሂ ደኣ፡ ሕጂ’ሞ ከመይ ገይርኪ ክትቅይርዮ? ኣይተርክብሉን ኢኺ። መዓስ ተዳሊኺ መዓስ ከተቕርብዮ?”

“ሕጂ ሃንደበት ሓሳብ መጺኡኒ፣ ብዛዕባ ባንዴራ ገለ ክብል ደልየ፡” ዘረባና ከይወዳእና መምህርና ኣተወ። “ከመይ ውዒልኩም?” ድሕሪ ምባሉ ድሙቕ “ኣግዚኣብሄር ይመስገን” ተመለሰሉ። ናብ ያኔት እናጠመተ ብኢዱ ናብ መድረኽ ዓደማ። ያኔት ድማ ተንሰአት።

“ዝሓሰብኩዎ ገዲፈ’የ ሓደ ነገር ክዕልለኩም። ሎሚ ቅነ መበል 33 መዓልቲ ናጽነትና ብምዃኑ’የ ብዛዕባ ባንዴራ ንእሽተይ ሓሳብ ክህብ ደልየ፡” ብምባል ናብ መምህር ጠመተት። ናይ ፊዝክስና ክትቅጽል ምልክት ገበረላ’ሞ ቀጸለት ንያት።

“ባንዴራ ካብ ቅድሚ 4000 ዓመታት ኣትሒዙ’ዩ ተኣታትዩ። ባንዴራ በብመልክዑ ዘተኣታተዋ ሃገራት በብሓደ ክዝርዝራ ይከኣል’ኳ እንተ ኾነ፡ ዕላማ ናይ ኵሉ ባንዴራታት ግን ሓደ እዩ። ሓደ ባንዴራ ዝሓዘ ህዝቢ፡ ሓበሬታ ንኽምሓላልፍ፡ መንነቱ ክገልጽ፡ ግዝኣት መሬቱ ክእውጅ፡ ምልክት ህላወኡን ሞራልን’ዩ ዝጥቀመሉ ዝነበረ። ድሕሪ’ውን ነቲ ዜጋ ሓበን፡ ጽንዓት፡ መብጽዓ፡ ኩርዓት፡ እንታይነት... ወዘተ. ክህሉዎ ደሪኹ።

ባንዴራ ሃገራት ዓለም፡ ብዝተፈላለየ ቅርጽን ሕብርን ዝቑመ ካብን ናብን ዝፈላለ እዩ። ኣብ ባንዴራ ዝርከቡ ሕብርታት ምስ መንነት፡ ታሪኽ፡ ባህሊ፡ ክብርን ራኢን ናይቲ ህዝቢ ተዛሚዱ ይሕረ። ዝበዝሐ ግዜ ኣብ ባንዴራታት ካብ እንረኽቦም ሕብርታት ነዚ ዝስዕብ ትርጉም ሒዞም ይርከቡ፤

ቀይሕ - ንሓደጋ፡ ሰውራ፡ መስዋእቲ፡ ትብዓትን ሓይልን፣

ጻዕዳ - ንሰላም፡ ስዩም ምባል፡ ምቁራጽ ቶኽሲ፣

ኣራንሽኒ - ትብዓትን መስዋእትን፣

ቀጠልያ - ውሕስነት፡ መሬት፡ መንእሰይ፡ ተስፋ፣

ብጫ - መጠንቀቕታ፡ ወርቂ፡ ሃብቲ፣

ጸሊም - ቃንዛ፡ ሓዘን፡ ሞት።

ሎሚ ኣብዛ ዓለም ዘላ ዝኾነት ሃገር ባንዴራ ኣሎዋ። ዝተፈላለያ ትካላት’ውን ከምኡ። ኤርትራ ሃገርና ኸኣ ከም ዝኾነት ሃገር ናይዛ ዓለም፡ ናታ ንልኡላውነታ፡ ክብራ፡ መለለዩኣ ዝገልጽ ባንዴራ ኣሎዋ። ሃገራት፡ ንቕርጽን ሕብርን ባንዴራኦን ነናተን ትርጉም ይህባሉ እየን። ሕሉፍ ሓሊፈን ገለ ሃገራት ግን ካብ ናይ ካልኦት ሃገራት ባንዴራ ብምቕዳሕ ዝቘማ እየን። ባንዴራና ግን ካብ ውሽጣዊ ታሪኽና፡ መንነትና፡ ክብርናን ሕልምናን ዝቘመት ፍልይቲ እያ። ስለዝኾነ፡ ኣብ ባንዴራና ሕልፊ ክብሪ ኣሎና። ንግሆን ምሸትን ኣብ ቤት ትምህርትና፡ ኣፍልብና ነፊሕና፡ ኣንቃዕሪና እናጠመትና እንሰቕላ፡ ብቤት ጽሕፈታት እናሓለፍና ፈስካ ሰሚዕና ኣንፈትና ናብኣ ገይርና፡ ብልብና ከም እነፍቅራ ከነርኢ ከኣ ኣፍ ልቢና ሒዝና ብኽብርዓት እናጠመትና ንሰቕላን ነውርዳን። ኣብ ዓበይቲ በዓላትና ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሜትሮ ባንዴራና ንርኢ ኢና። ኣብ ግዜ በዓል ናጽነትን ፌስቲቫልን ማዕረ ቁጽሪ ሰብ ኢና ባንዴራና እንርእያ። ካብዚ ብምብጋስ ሕብርታት ባንዴራና እዚን እዚን’ዩ ምባል ትርጉም ኣይህሉዎን። ትርጉሙ እንተ ሓቲትና ኸኣ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፤

“ቀጠልያ፤ ኣብ ሕርሻን ጉስነትን ዝተመስረተ ልምዓት ኤርትራ የመልክት፣

“ቀይሕ፤ ምእንቲ ናጽነትን ህዝባዊ ሓርነትን ኣብ ዝተኻየደ ቃልሲ ዝፈሰሰ ደም ህዝቢ ኤርትራን ሓርበኛታት ደቁን የመልክት፣

“ብጫ፤ ንማዕድናት ሃብቲ ሃገርና የመልክት፣

“ሰማያዊ፤ ሃብቲ ባሕርና የመልክት።

“እዚ ዝገለጽኩዎ ትርጉም ሕብርታትና፡ ዝኾነ ተመሃራይ መባእታ ክነግረና ይኽእል እዩ። ኪንዮኡ ንውህደት፡ ቅርጽን ኣቃውማን ባንዴራናኸ ነስተማቕሩዎዶ?...” ብምባል ስቕ በለት ንያት።

“ጽቡቕ!” በለ መምህርና፣ “ኣብዚኣ ትርጉም ኣቃውማ ባንዴራና መልሲ ካባኹም ክጽበ’የ፡” በለና። ባንዴራና ካብ ህጻንነትና ክንደይ ሳዕ ዘይሰኣልናያ፡ ትርጉም ቅርጻ ግን ሓሲብሉ’ውን ኣይፈልጥን። ንኽፍልና ቁሊሕ ኢለ ጠመትኩ፣ ኲላ ከምዚ ከማይ ፈጠጥ ኢላ ጥራይ ትጽበ።

ሃንደበት ግን ሜሪጁ ኢዳ ሓፍ ኣቢላ ክትምልስ ጀመረት።

“እተን ብጫ ኣቑጽልቲ ኣውሊዕ፡ እተን ከቢበን ዘለዋ 30 ኣቑጽልቲ፡ ነቲ ብናይ 30 ዓመት ብረታዊ ቃልሲ ዝተረኽበ ሰላምን ቀሳነትን ህዝቢ ኤርትራ የመልክታ መስለኒ፡” በለት። ንእለት ኣብ ጥራዘይ ዝነበረት ስእሊ ባንዴራ ገንጺለ ክቘጽረን ጀሚረ። ኣስተውዒለለን ኣይፈልጥን ነበርኩ።

“ጽቡቕ!” በለ መምህርና፣ “ኲሉ ሳዕ ባንዴራ፡ ደኒንና ዘይኮነ ቀኒዕና፣ ኲሉ ሳዕ ዘይኮነ፡ ንግሆን ምሸትን ክነሰቕላን ክነውርዳን ይግባእ። የቐንየልና ንያት፡ ንሎሚ ብዛዕባ ባንዴራ ኣብዚ ይኣኽለና፣ እተን ዝተረፋ ትእምርትታት፡ ሃገራዊ መዝሙርን ኣገራዊ ኣርማን ሓሲብኩምለን ምጽኡ፡” ኢሉ ናብ ካልእ ትምህርቱ ሰገረ።

ኢልሃም ፈረጅ - ከረን

---

**ጥቕሲ እዚ ሰሙን**

“ትምህርቲ፤ ምንባብ፡ ምጽሓፍን ምቑጻርን ምፍላጥ ማለት ኣይኮነን። እዚ ኹሉስ ናብ ኣደራሻት ትምህርቲ ዘእቱ፡ ናብቲ ግምቢ-ጥበብ ዘደይብ መደያይቦ እዩ’ምበር መወዳእታ ኣይኮነን።”

- ኣቦና ወልደኣብ ወልደማርያም

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ቁርሲ ሰንበት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ድሕሪ ዘመነ ንግስነት



ቅድሚ ነዊሕ ዘመናት፡ ኣብ ሓደ ዓዲ፡ ህዝቢ ካብ ከብዲ ዓዲ ይኹን ካልእ ብዘየገድስ ሓደ ሰብ ብምምራጽ መራሒኦም ገይሮም ይሸምዎ ነበሩ። በዚ ኣገባብ ድማ እታ ዓዲ፡ ሰላማዊ መነባብሮ ዝበራ ቁሸት እናተባህለት ትጽዋዕ ነበረት። እቲ ዝተመርጸ ንጉስ ድሕሪ ናይ ሓደ ዓመት ንግስነት፡ ካብ ዝፋን ንግስነቱ ወሪዱ ኣብ ሓደ ብርቱዕ ሜካ ዝበርሮ ደሴት ንብዩት ክነብር ዘገድድ ሕጊ'ውን ብዘርቲ ጸዲቑ ነበረ።

ድሕሪ ነፍሲ-ወከፍ ምዛዝም ዘመነ ስልጣኑ፡ ንጉስ ብንጉስ እናተተኻኸኡ ናብ'ታ ዝተሓርየት ደሴት ብዕስለ ኣጓብዘ ተመሪሖም ዝኾነሙ ዝበሩ ነገውሱ፡ መውዳእታኦም እንታይ ምኻኑ ነፍሲ-ወከፍ ተቐማጢ እታ ዓዲ ዝስሕቶ ኣይነበረን።

እቲ ናብ'ዛ ደሴት ዝፋኖ ንጉሱ ቡዩም ህዝቢ ናይ መፋነዊ ውዕወዕ ጽምብል ንምኽያድ ኣዝዩ ደስ ዝበልን ክቡር ኣልባሳትን መጋጸኢታትን እዩ ዝኸደኑ። ድሕሪ'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ሓርማዝ ብምውጣእ፡ ንመላእ እታ ዓዲ ናይ ደሓን ኩኑ ሰላምታ ክሰእ ተባሂሉ ከም ዝኸልል ድሕሪ ምግባር፡ ናብታ ንዘልኣለም ክሰፍረላ ዝተበየነትሉ ደሴት የፋንውዎ ነበሩ። ኣብ ከምዚ ሃዋህው፡ ኩሎም እቶም ናይ ሓደ ዓመት ግዜኦም ዝዘዘሙ ነገውስ ዘርእይዎ ናይ ሕርቃንን ብስቓትን ስምዒታት፡ ልዕሊ ዝኾነ እዋን ኣብ ልቢ ነፍሲ-ወከፍ ተቐማጣይ ፍሉይ ጦብላሕታ ይፈጥር ነበረ።

በዚ መሰረት፡ ተመሪጹ ኮነ ብድሌቱ ከመሓድር ናብ ስልጣን ክመጽእ ዝበሃገ ሰብ ኣዝዩ ኣሸጋሪ እናኾነ ክመጽእ ግድን ኮነ፡ ሓደ እዋን እቶም ኣጓብዘ ዓበይቲ ዓድን ግዜኡ ንዝዘዘመ ንጉስ ኣብ ደሴት ኣብጺሖም ኣብ ዝምለሱሉ ዝበሩ ግዜ፡ ብማዕዶ ሓንቲ ብማዕበል ዝተሰባበረት ጃልባ ኣብ ወሰናስን እቲ ደሴት ረአዩ። ኣተኩሮም ድሕሪ ዝበርዎ ዳህሳስ፡ ሓደ ሰብ ካብታ ጃልባ ብህይወት ከም ዝደሓነን ብስብርባር'ታ ጃልባ ተደጊፉ ክሳለን ኣማዕደወዎ። ድሕሪ'ዚ፡ ብቐጸበት ናብቲ ዝበሮ ኣንፈት ብምምራሕ ኣብ ትሕቲ ቀጽጽሮም ከምዘእቱ ገበሩ። ግድን ሓድሽ ንጉስ ዝምረጸሉ ግዜ ብምንባሩ ድማ ብዘይ ዝኾነ ሃገሬረግ ንጉስ ክኸውን ከም ዝደልዩዎ ብምሕባር፡ ንሓደ ዓመት ክመርሖም ከምኡ ድማ ድሕሪኡ ዝመጽእ ኩነታትን ሕጊ እታ ዓድን ብዝርዝር ኣረድእዎ። ኣብ ፈለማ ዋላ እኳ ኣብ ዘይፈልጦ ዓዲ ንጉስ ክኸውን ከም ዘይደልን ከም ዘይብህግን ብምግላጽ ክጸን እንተፈተነ፡ ድሕሪ ብዙሕ ውረድ ደይብ ግና ኑቲ ዕድል ክሕረሞ ስለ ዘይመረጸ ሕራይ ኢሉ ተቐቢሉ።



ንጉስ ስርሑ ካብ ዝጀምር ሰለስተ መዓልቲ ኣብ ዘቑጸረሉ፡ ነታ ነፍሲ ወከፍ ንጉስ ድሕሪ ዘመነ ስልጣኑ ንዘልኣለም ክነብረላ ዝተመረጸትሉ ደሴት ክርእያ ድሌት ከምዝለዎ፡ ናብ'ቲ ኣቢታ ዓዲ ዝለዓለ ተሰሚዕነት ዝበሮ ሽማግለ ሰበኣይ፡ ጠሉብ ኣቕረበ። ብመሰረት ሕቶኡ እወታዊ ግብረ መልሲ ምስ ረኸበ ድማ፡ ብዋጋፍራ መንእሰያት እታ ዓዲ ተሓጊዙ ናብታ ደሴት ገሸሸ። ኣብታ ደሴት ብዝበጽሐ በቲ ዝረኣዮ ኣዝዩ ተገረመ። እታ ደሴት ሰብ ክነብረላ ዘይክእል ብእልቢ ዘይብሉ ኣግራብን እንስሳታትን ዝመልኣት ኮይና ጸንሓቶ። ድሕሪ'ዚ፡ ገለ ዝተሓብኣ ምስጢር ክህልዋ ከምዝኽእል ብምጥርጣር፡ ካብኦም ንድሕኡ ምስኡ ዝኸዱ መንእሰያት ፍንትት ኢሉ ንብዩኑ ከበቢኡ ከቋምትን ክድህስስን ጀመረ። ርሑቕ ከይከደ ድማ ሓደ ኣዝዩ ንምእማኑ ዘጸገሞ ኩነታት ተዓዘበ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዝተዛወሮ ከባቢ፡ ናይ ዝተፈላለዩ ኣካላት ደቂ-ሰብ ኣዕጽምቲ ፈቐዶኡ ፋሕ ኢሉ ረኸበ። ርእሱ ንዋሕ ጼጋም ብምንቕናቕ እቲ ኣዕጽምቲ ብልክዕ ናይቶም ቅድሚኡ ዝበሩ ነገውስ ክኸውን ከም ዝኽእል ብምግማት፡ ጉዳይ'ቶም ዘይምሕሩ እንስሳታት ክኾኑ ከም ዝኽኣሉ ደምደመ። ንኹሉ ኩነታት ዝተዓዘበ ንጉስ 'ድሕሪ ኣጦካ ሞት ግድኻ' ምኻኑ ተረዲኡ፡ ካብ ውሽጢ'ታ ዓዲ ብኣካላዊ ጥንካረኦም ኣዝዮም ዝደልደሉ 100 መንእሰያት ብምምራጽ ናብታ ደሴት ሒዝዎም ብምኻድ፡ ኑቶም ኣብታ ደሴት ዝበሩ እንስሳታት ከጥፍእዎምን ኑቲ ብርቱዕ ሜካታት ቁራሪጾም ምስቲ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ፋሕ ኢሉ ዝበረ ኣዕጽምቲ ከቃጽልዎምን ትእዛዝ ኣመሓላለፈ፡ ዘድሊ መሳለጥያታትን ሃለኽቲ ነገራትን ኣዳልዩሎም ናብ ቦታኡ ተመልሰ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ወርሒ ኣሙቶም ንምምባር ናብታ ደሴት ክመላለስ ዝጀመረ ንጉስ፡ ኣብ ቀዳመይቲ ወርሒ ደሓን ዝኾነ ገስጋስ ተዓዘበ። ኩሎም እቶም እንስሳታት ካብታ ደሴት ክጠፍኡ ጀሚሮም፡ ዝተወሰኑ ኣግራብ ከኣ ተቖሪጾም ጸንሕዎ።

ኣብ ዝሰዓበት ካልኣይቲ ወርሒ ድማ፡ እታ ደሴት ካብ ጻት ንጹት ጽርያ ጸንሓቶ። ከም እንደገና ኑቶም መንእሰያት ኣብ ኩሉ ኩርናዓት እታ ደሴት ሰፍራ ኣታኽልቲ ክምስርቱ ሓቢሮም። ድሕሪ'ዚ፡ ምስቲ ክምስርትዎ ዝሓብሮም ሰፍራ ክሰዱ ይኽእሉ እዮም ዝበሎም እንስሳታት ደርሁ፡ ዓባይቲ ከብቲ፡ ኣጣል ምልኩዓትን ደስ ዘብል ደምጺ ዘውንና ኣዕዋፍን ከምኡ'ውን ደርሆማይ መሪጹ ናብታ ደሴት ሒዞም ብምኻድ ከም ዝለማመዱዎ ገበረ።

ኣብ ሳልሰይቲ ወርሒ እቲ ነገሱ ሓደ ዓቢ መራኽብ ከዕሮግ ዘኽእል ወደብ ኣብ ገማግም'ታ ደሴት ከምዝሰራሕ ገበረ። እታ ደሴት፡ ንምርኢያ ኣዚያ እተብህጎን ንምንባሪ'ውን እተወናውንን ሰፍራ ክትከውን ከኣለት።

ኣብ ዝቐጸለ ዘመነ ስልጣኑ ድማ ከም ሰቡ ተራ ክዳውንትን መጋጸኢ ነገራትን እናዘውተረ፡ ኑቲ ክቡርን ዝለዓለ ዋጋ ዝበሮ ነገራትን መግብታትን ናብታ ደሴት ኣብ ምግዕዛዝ የሕልፍ ነበረ።

ትሽዓተ ወርሒ ብኸምዚ ሓሊፉ። ሽዑ እቲ ንጉሱ ዘመሓድሮ ግዜ ቀሊል ከምዘይኮነ ብምምልካት፡ ናብታ ደሴት ዝኸደሉ ግዜ ቅድሚ ምእካሉ ብፍቓዱ ኣቐዲሙ ክኸይድ ከምዝደሊ ዝትሕዝቶኡ መልእኽቲ ናብ ላዕለዋይ ሽማግለታት ዓዲ ኣመሓላለፈ። እዚ ዝሰምዐ ሽማግለ ዓዲ፡ ኣብ ስምምዕ ዘይብጽሐ ነገር ምኻኑ ብምላዕ፡ ንኸ ብሕጂ ሰለስተ ወርሒ ተረፉዎ ከምዘሎ ዘየቋርጽ መልሲ ሰደደሉ።

ሰለስተ ወርሒ ኣኸለ። ብመሰረት ውዕልን ሕግን ናይ'ታ ዓዲ፡ ኑቲ ንጉስ ኣዝዮም ክቡራትን ኣንጸባረቕትን ክዳውንቲ ኣልቢሶም፡ ኣብ ሓርማዝ ኣወጢሖም ንመላእ'ታ ዘመሓደራ ዝበረ ዓዲ ናይ ምፍናው መሰርሕ ንምስላጥ ብመንእሰያት ዓጀቦም ከሽልልዎ ጀመሩ።

ኣብ ከምዚ እዋኑ እቶም ህዝቢ ሓደ ዘደንጹ ነገር ተዓዘቡ። እቲ ንጉስ ዘይካም ዝሓለፉን ቅድሚኡን ዝበሩ ነገውስ ኣብ ክንዲ ሕርቃንን ብስቓትን ብሕጉስ ስምዒታት፡ ከምስታ ሓዊሱ ኣእዳዉ እናወዛወዘ ክፋነዎም ረአዩ። እዚ ዝተዓዘቡ ተቐማጦ፡ ኣፎም ዝበለም እናተዛረቡ፡ ኑቲ ዝጸበዮ ዘሎ ነገራት ካብ ዘይምፍላጡ ዘንጸባረቐ ዝበረ ታሕጓስ ርእዮም ብዮርህዎ፡ ሓዘኑ።

ሓደ ሓደ ግዱሳት ድማ ኑቲ ኩነታት ንምፍላጥ ክሓትትዎ ቀረቡ። "ስለምንታይ ኢኻ ንስኻ ዘይኸምዖም ቅድመኻ ዝበሩ ነገውስ ብፍሉይ ትስሕቕን ደስ ኢሉካ ድማ ትፋነወናን ዘለኻ?" ክብሉ ተወከስዎ። እቲ ንጉስ ድማ፡ "ስለምንታይ እንታይ ከም ዝበሉዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም? ብዘኾነ፡ ሓደ ሰብ ናብዚ ዓለም ክመጽእ እንከሎ ኣብ ዘርያኡ ዘለዉ ሰባት ክስሕቁ እንከለዉ ንሱ ግና ከምዝበኪ ርዱእ'ዩ። ብኸምዚ ድማ ክሳብ'ታ ዕለተ ሞትካ እትኣክል ንህይወት ክትነብራ ትግደድ። ኣብ ከበቢያይ ዝበሩ ሰባት ክበኽዩ እንከለዉ፡ ኣነ ዝስሕቀሉ ግዜ ምምጻኡ ከምዝይተርፎ ኣቐዲመ ተረዲአዮ'የ። ቅድመይ ዝበሩ ነገውስ ናብ ሞት እናኸዱ ከለዉ፡ ሰባት ኣዝዮም ይሕጎሱ ከምዝበሩ እውን እፈልጥ'የ። እቲ ሓቂ እዚ ክንሱ ድማ ከምዝይፈለጥኩ ኮይነ ስርሐይ ደኣ ቀጺለኩ።

ኩሎም እቶም ቅድመይ ዝበሩ ነገውስ፡ ደድሕሪ'ቲ ንሓዋሩ ምስኦም ዘይኑበር መጋጸኢ ነገራት ክበዩ ኩቡሉ ንሓዋሩ ክጠፍኡ እንከለዉ፡ ኣነ ግና፡ ኩሉ'ቲ ጸጸቡቑ ናብታ ድሕሪ ዘመነ ስልጣነይ ምዝዛመይ ዝኑብረላ ሰፍራ ከም ዝግዕዝ ስለ ዝገበርኩዎ፡ በዚ ዝኸዶ ዘለኹ ኣዝዩ ክሕጎሰን ክፍሳህን ደኣ እምበር ከሙቶም ዝተበኣጨዉን ዝሓረቑን ዝሓርቀሉ ኣቡት ኣይረኣየንን እዩ ክበል መሰሰሎም። ሞራል. . . እዚ ዛንታ ናይ'ዚ ንጉስ ዝምህረና ነገር እንተሃልዩ፡ ኩሉ ኣብዚ ዓለም እንንብሮ ንጥፈታት ኮነ እናኻዕብኦ ሃብትን ክቡራት መጋጸኢ ነገራትን ኣብ ክንዲ ኣብዚ ሓላፊት ዓለም፡ ኣብ ናይ ዘልኣለማዊ ሰፍራ ክኸውን ከምዝለዎ እዩ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| | |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ፊዩሪና |
| 09:50 | ኮንሰርት ኣብ ባሕቲ መስከረም ብምኽንያት ናጽነት 2ይ ክፋል |
| 11:00 | ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 13:45 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | ሞዚይክ |
| 16:55 | እንዳ ዝማም |
| 17:30 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:50 | መስተንክር |
| 18:25 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:13 | እትመት |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ቡያ |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | መዚቃ ኦ ኣሰስ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | ሃገራዊ መዝሙር |

### ሰኑይ

| | |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:55 | ዜና ስፖርት |
| 13:30 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 16:00 | ዶክመንታሪ |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:20 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:10 | ሳይዳ |
| 20:00 | ዜናትግረ |
| 20:13 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | መዚቃ ኦ ኣሰስ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 24:40 | ሃገራዊ መዝሙር |

## ጽባሕ ኣብ ሎሚ የላን

ካብ 3ይ ገጽ ዝቐጸለ

"ከም ስምምዕና፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ተመሊሱ። ከም ትምኒትና ኢለን ድቂ ምስ ሓዘት፡ ክኸይድ'ሞ ኣብ እዋን ሕርሳ ክምለስ ምኻኑይ ነገረያ። እንተኾነ ኣለን፡ 'በጃካ ክልተ ቐነ እንዶ ወሰኽ' ትብለኒ ደጋጊማ። ኣነ ኸኣ ንዘዊሕ እዋን ሰራሕ ዓጽየ ብምንባረይ 'ኢጀኺ ክትሓርሲ ከለኺ ኣብ'ዛ ጐድንኺ እየ ክህሉ። ክሳብ ሽዑ ግን ክሰርሕ ኣለኒ. . .' እብላ። መሊሳ 'ፈጣሪ ይፈልጥ. . . ወርሒ'ኳ ዘይብልኩኻ! ክልተ ቅነ ወሰኽ' ክትብል ትምሕጸነ። ኣብ መውዳእታ፡ ግዜ ሕርሳ ምስ ኣኸለ ክምለስ ተረዳዲእና።

"ክጠንስ ከለኺ ካብ'ዛ ኑብሲይ ምፍላይ ኣቢየ፡ ብንብዖትን ፍቕርን ኣፋንያትኒ። ሕሰብ ኩብሎ ከለኺ፡ ግርም እዩ ዝበልኒ። ምስ ከደኩ ኣብ ዓሰርተ ክልተ መዓልተይ፡ ደቂሳ እንከላ ስትርክ ኣትያ። ከም ገለ ክትብል ራሕሲ ጓልና ካብ ድቃሳ ተበራብርት እሞ ምስ ጎረባብቲ ኸይና ሕክምና ኣብጺሓታ። ግን ኣብ ሕክምና ክትበጽሕን ሂወታ ክትሓልፍን ሓደ ኾይኑ።

"እንህኹ ኣብ ክልተ ቕነይ'የ ክቐብር መጺአ። ነታ መብልይተይ ክትከውን ዝተጸበኹዋ ኢለን ቀብረያ. . ." በሊ'ሞ ብንብዖት ተሓጸበ። ኣነ'ውን ምስኡ ነበዕ። ኣብዲን ተኣብዲን ዘይብሉ ቁሩብ ግዜ ወሰድና። ንዓይ'ውን ብዘለ ወጉ ቀብሰላይ ጉዳኣ'ኒ እዩ። 'ዓለም ከምኡ እያ' በልኩ ብዘይሰማዕ ዘረባ።

ብሓቂ "ዓለም ከለኻን ከለካን እያ" ዝበሉ ካብ ባዶ ኣይከኑትን። ሰባት ብዙሓ ሕጂ ክንንብሮ ዘለና እንከዛረብና "ኣለና እንዲና ብሓደ፡ ጽገም የብሉን፡ ጽባሕ ክንራኸብ እንዲና" ክንብል፡ ርግጸኛታት ኣብ ዘይኮንናሉ ግዜ ቁጸራ ንንብር። ምስ ንዓመታት እንቋጸር'ውን መሊእና ኢና። ብዘለ ምኽና ዝተኣሰሩ'ሞ፡ 'ኣለዉ' እናበልናዮም ዓለም ዘርከበቶም ሰባት እናዘከርና 'ኑብሱ ነጊሩዎ ነይሩ፡ ዓሕ ክሰምዖ ነይሩኒ' ዝበልናሎም ይህልዉ ይኾኑ።

ኣብ ህይወተይ ዘጋጠመ ተመሳሳሊ ዛንታ እየ ዘከረ፡ ዓሚ ከም'ዚ እዋኑ ሓደ ቀረብየይ ዘይኣመሉ ምስኡ ንኸሞጊሲ ብዙሕ ሰሚኑኒ። 'ክንራኸብ እንዲና' ብዘዉይኑ ምትእምማን ክኣብዮ ከለኹ ትዝ በለኒ። ንሱ ንጸባሒቱ ዓሪፉ። "ገለ ደኹን ክዛረበኒ ደልዩ ነይሩ ይኸውን? - ብኻ ሰሚዕዮ" እናበልኩ ተጣዒሰ።

ብተመሳሳሊ እስራኤል'ውን 'ክልተ ቕነ ጸናሕ' ኢላ ክትልምኖ እንከላ ኑብሳ ነጊሩዋ ነይሩ ማለት'ዩ። ኣነስ ጩካነ'የ ማለት ደዩ? ዝገደፍኩ ጉዳይ ክጸንሕ ነይሩኒ. . . ዓሕ. . ." ክብል ብጣዕሳ ይሕማስ ኣሎ።

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

### 1. Position: Senior Electrical & Instrumentation Supervisor

**Department: Process Plant**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- The Electrical Supervisor is responsible for assisting the E&I Maintenance Superintendent in establishment of preventative and responsive Electrical maintenance and development within the process area and across the site, to ensure maximum operational performance is achieved in a safe and cost-effective manner while ensuring compliance with relevant procedures, polices, legal requirements and consent conditions.
- Ensure training and coaching is provided to all employees, with specific attention to National and Local employees as part of the Company's Training and nationalisation program.

**ESSENTIAL FUNCTIONS**

- In cooperation with the E&I Maintenance Superintendent will be responsible for the day-to-day electrical maintenance of the processing plant and other areas.
- Review of electrical maintenance tasks and procedures including JSA's and SOP's
- Perform supervisory duties such as recommending work assignments, approving leave and assisting in completing performance evaluations.
- Plan, schedule and monitor work of support personnel to assist immediate supervisor.
- The position will be expected to positively impact and contribute to the performance of the company through leadership and individual activity.
- Achievement of plant throughput and electrical maintenance targets in the most cost-effective manner within budgets
- Assist in preparation of project cost and worktime estimates.

**TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Planning
- Implementation of the Plan
- Reporting
- Supervise/Manage team
- Training/coaching
- Assist in the development of a continuous improvement culture within the section.
- Identify potential cost savings.
- To develop and implement safety and work procedure systems to provide a safe work environment.
- Compliance with safety practices and procedures as outlined in safety inductions and training.
- Fill in for Plant Maintenance Superintendent

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**

- Candidate must be physically and medically fit.
- Must be able to work outside exposed to Heat, wind and dusty environments.
- Must be able to work at Heights.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| ○ Formal Trade in Electricity<br>○ Technical College graduate Electrical Diploma/Degree | ○ + 5 years relevant experience<br>○ + 2 years management skills |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Computer Literacy (MS Office – Intermediate,), Maintain clear communication lines with trades people, production, supervisors, planners and management, Attention to detail, Analytical skill, Electrical experience, Problem solving skill, Supervisory experience, Understand electrical drawings, Compile scopes and reports of a suitable quality/standard. | ○ Communication (English), Assertiveness, Interpersonal Relations, Integrity, Prioritizing skills & multi-skilling, Ability to work towards strict deadlines, High level of accuracy, Discretion, Self-motivation, Uphold the Bisha Code of Conduct and address any breaches identified. |

### 2. Position: Electrical Supervisor

**Department: Process Plant**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- The Electrical Supervisor is responsible for assisting the E&I Maintenance Senior Supervisor in establishment of preventative and responsive Electrical maintenance and development within the process area and across the site, to ensure maximum operational performance is achieved in a safe and cost-effective manner while ensuring compliance with relevant procedures, polices, legal requirements and consent conditions.
- Ensure training and coaching is provided to all employees, with specific attention to National and Local employees as part of the Company's Training and nationalisation program.

**ESSENTIAL FUNCTIONS**

- In cooperation with the E&I Maintenance Senior Supervisor will be responsible for the day-to-day electrical maintenance of the processing plant and other areas.
- Review of electrical maintenance tasks and procedures including JSA's and SOP's
- Perform supervisory duties such as recommending work assignments, approving leave and assisting in completing performance evaluations.
- Plan, schedule and monitor work of support personnel to assist immediate supervisor.
- The position will be expected to positively impact and contribute to the performance of the company through leadership and individual activity.
- Achievement of plant throughput and electrical maintenance targets in the most cost-effective manner within budgets
- Assist in preparation of project cost and worktime estimates.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Planning
- Implementation of the Plan
- Reporting
- Supervise/Manage team

**UNIQUE REQUIREMENTS/OTHER INFORMATION**

- The candidate must be physically medically fit.
- Must be able to work outside exposed to Heat, wind and dusty environments.
- Must be able to work at Heights.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| ○ Formal Trade in Electricity<br>○ Technical College graduate Electrical Diploma/Degree | ○ + 5 years relevant experience<br>○ + 2 years management skills |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Computer Literacy (MS Office – Intermediate,), Attention to detail, Analytical skill, Electrical experience, Problem solving skill, Supervisory experience, Understand electrical drawings. | ○ Communication (English), Assertiveness, Interpersonal Relations, Integrity, Prioritizing skills & multi-skilling, Ability to work towards strict deadlines, High level of accuracy, Discretion, Self-motivation. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Instrumentation Technician**

   **Department: Process Plant**
   **Number required: Three (03)**

**Primary Purpose**
Instrumentation technician works in the field of Instrumentation for Process control.

- General understanding of process instrumentation and electronics.
- Perform calibration and maintenance tasks.
- Fault finding, troubleshooting techniques and diagnosing of problems that arise when equipment fails.
- Report to the Instrumentation Supervisor.
- Basic PLC and SCADA principles or good electronic skills.
- The successful candidate will be legally appointed and found competent to do all instrumentation and electronic work.
- Perform Control Loop tuning and configuration and maintenance.
- This position is responsible for installing and maintaining all of BMSCs business critical radio transmission equipment and systems.

**ESSENTIAL FUNCTIONS**

- Plan job to maximise efficient use of available time and material.
- To always ensure safe and correct working practises.
- Job exists to provide continuous operations and performance of all instrumentation and related functions of instrumentation installation to existing and new installations.
- Be able to work with people and to supervise co-workers.
- To do fault finding in such a manner not to damage equipment or injure people.
- To keep all registers up to date and time sheets signed.
- Have sense of urgency and sort out plant problems promptly.
- Skilled trade – Instrumentation calibrations and installation, fault finding and optimization of instrumentation equipment to set standards.
- Routine maintenance checks and performance on instrumentation.
- Intimate knowledge of Temperature, Density, Mass, Flow, Pressure, Level type instrumentation; Variable speed drives (VSD) for motor control; PLC and SCADA programming will be an advantage or basic programming skill will help.
- Program and install analog/digital repeaters and radios.
- Maintain accurate inventory of all radio equipment.
- Regular reporting of activities and potential issues which put the radio systems at risk.
- Troubleshoot faults to existing radio equipment

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Planning
- Implementation of the Plan
- Reporting

**UNIQUE REQUIREMENTS/OTHER INFORMATION**

- Candidate must be physically and medically fit.
- Good verbal and written communication skills in English
- Ability to work in multicultural work environment.
- Produce and maintain effective training results.
- Conducting training evaluation & effectiveness assessment
- Coaching and mentoring skills
- Assessment and moderation skills
- Understanding of instruction design
- Facilitation skills

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| o Electrical/Instrumentation Degree/ Diploma/Craft certificate | o 5 years working as Instrumentation technician.<br>o Knowledge on Allen Bradley, Siemens, Schneider PLC.<br>o Knowledge on Wonderware Suite.<br>o HF, VHF and UHF radio systems; including analog, digital and trunking.<br>o Experience with Motorola brand radio equipment – radios, repeaters, Customer Programming Software (CPS).<br>o Experience installing and maintaining solar power equipment. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| o Computer Literacy (MS Office, CAD programs), Attention to detail, Analytical skill, Problem solving skill, Relevant trade skills or prior experience, Geometric development – recommended, Project planning and implementation, Geometric development – recommended, Advanced Radio Frequency design and implementation, Advanced computer skills, Small Electronics Repairs – Soldering etc, 2nd grade Driving License | o Communication (English), Assertiveness, Interpersonal Relations, Integrity, Conflict resolution, Ability to work towards strict deadlines, High level of accuracy, Discretion, High Safety attitude, Leadership, Capable of working independently, Reporting, Communication, Prioritising, Self-motivated, driven. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**


# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

# “ምኽሪ ክልተ የማነታት”

## ገዲም ተቐዳዳማይ ብሽክለታ ኣዳም ተስፋየውሃንስ

“ኣብ ሰማንያታት ዝነበረ ስምዒት ስፖርት ጥርዚ በጺሑ ነይሩ። ተዓዛቢ ሰንበት ቅድሚ ቀትሪ ብሽክለታ ክርኢ ምስ ወዓለ ናብ ቤቱ ከይተመለሰ ኩዕሶ እግሪ ክዕዘብ ናብ ስታድዮም ኣስመራ ይግስግስ፡ ኣብ ብሽክለታ ጋንታኡ ዝተሳዕረት ተዓዛቢ፡ ኣብ



ስታድዮም ቡታ ዝድግፉ ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ይከሓሱ።

“እቲ ናይ እኩብ ስምዒታት ንስርዓት ደርጊ ስግኣት ይፈጥረሉ ስለ ዝነበረ፡ ተዓዚቢ



ዝሰናበደሎም ኣጋጣሚታት ይፈጥሩ ነይሮም። ሓደ ካብኣቶም ኣብ መንጎ ፖሊስን ዋልያን ዝነበረ ጸወታ እዩ፡ ኣብ ቦታ መቀዳደሚ ብሽክለታ’ውን ተዓዘበ. ዝበዝሓሎም ፍጻመታት ነይሮም እዮም። ስፖርት፡ ብፍላይ ብሽክለታ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ በጺሑ ክርኢ ከለኹ ሓበን እናተሰምዓኒ ነቶም ነቲ መንገዲ ዝጸረገ ክበዝሑ ከለዉ ደማ እኹርሑ፡” ገዲም ተቐዳዳማይ ኢንጂነር ኣዳም ተስፋየውሃንስ።

ኣዳም፡ ሓደ ካብ ፍሉጣት ተቐዳደምቲ 80ታት ዝነበረ እዩ። ቅድሚ ተዘክሮታቱ ምግላጹና፡ ናብ ብሽክለታ ብኸመይ ተጸንቢሩ፧ ንዝብል ሕቶ ከብርሃለይ ተወኪሰዮ።

ኣብ ፈለማ ሰማንያታት ምስ ማሕበር ሰሚባል ጉያ እግሪ ይቀዳደም ነይሩ። እንተኾነ ግን ብሽክለታ ክዕዘብ ሰንበት-ሰንበት ናብ እንዳማርያም፡ ሞኖፖልዮን ሲነማ ሮማን ይኸይድ ስለ ዝነበረ፡ ነቲ ተሰፋ ዘይረኸበሉ ውድድር ጉያ ጠንጢንዎ፡ ንወሉዱ ደማ ብሽክለታ ክገዝኣሉ ተወኪሶም። ኣብ 1985 ክዮርጋ ዝዓይነታ ብሽክለታ ናይ ልሙዳት ገዚኣምሉ፡ ኣብ ናይ ንኣሽቱ፡ ማለት በዚ ሎሚ ሳልሳይ ዲቪዝዮን ዝፍለጡ ውድድር ጀሚሩ፡ ሓደ ዓመት ተወዳዲሩ፡ ብሽክለታ ጸቡቕ ገይሩ ምስ መለኸ፡ ናብ ካልኣይ ወይ ማእከሎት ሰጊሩ። ኣዳም፡ ኣብ ማእከሎት ሓደ ካብ’ቶም ተጠመቲ ኮይኑ፡ ስድራ ቤቱ ድማ ብሩህ መጻኢኡ ተረኣዮም። ነቲ ዝወሰዶ ተበግሶ ዜያዳ ንኽድርዖ፡ ሓዳስ ዴቶ ዝዓይነታ ናይ ልሙዳት (ዳ ኮርሶ) ብሽክለታ ገዚኣምሉ፡ ትሓቕፎ ጋንታ ስለ ዘይረኸበ ብውልቁ ይወዳደር ነይሩ። ኣብ ግዜ ውድድር ሰንቂን ንብረት ብሽክለታን ኸኣ ስድራ ቤቱ ይሸፍኑሉ ነይሮም።

ጋንታ ክራይ ኣባይቲ፡ ኣብ ማእከሎት ክትጀምር ተበግሶታት ምስ ተወሰደ፡ ነፍ/ የማን ተኽስተ ምስ’ታ ጋንታ ንኽጽንበር ተወኪሶ። ኣዳም፡ የማን ዝኣክል ክሉቶ ከሎ ብሓበን ከም ዝተቐበሎ’ዩ ዝገልጽ። ንሱ፡ ንኽልተ ዓመታት ኣብ ካልኣይ ዲቪዝዮን ድሕሪ ምውድዳሩ ናብ ቀዳማይ ዲቪዝዮን ሰጊሩ። ምስ ዓበይቲ ኮይኑ ክጻወት ከሎ፡ ብሱምግሩን ብሉጽ ጸወታኡን ኣብ’ታ ጋንታ ጸላዊ ስለ ዝነበረ፡ ሓላቓ ጋንታ ክኸውን በቒዑ። ኣብ ጎድኒ በዓል ነፍ/ የማን ተኽስተ፡ ሰብኣት ኣስመሮም፡ የናስ ዘሮርያስን ካልኣትን ኮይኑ ተወዳዲሩ። ብቕዓት ኣዳም ኣብ ጋንታኡ ጥራይ ኣይተበቕዐን። ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ኮይኑ ንኽወዳደር ሓያል ጻዕሪ ገይሩ። ሕልሚታቱ ድማ ተግቢሩ። ኣባል ናይ’ታ ሓያል ሃገራዊት ጋንታ ክኸውን በቒዑ። (ኤርትራ፡ ዋላ ናጻ ኣይትንበር፡ ብደረጃ ክፍለ-ሃገር ዝውከሉዋ ስፖርታውያን ነይሮም’ዮም።)

ሱምግሩ (ዲሲፕሊን) ኣብ ስፖርት ኣገዳሲ እዩ። ስፖርታዊ ኣልካላዊ መሳነዕ ካልኦት ኣወሰፍቲ ነገራትን ዘዘውትር እንተኾይኑ ከድምዕ ኣይክእልን እዩ። ምኽንያቱ፡ ሓይሉ ዓቂቡ ክውዳደር ስለ ዘይክእል። ኣዳም፡ ኣብ ዲሲፕሊን ዘለዎ ኣረኣእያ ልዑል እዩ። ዲሲፕሊን፡ ኣብ መግቢ፡ ዕረፍቲ፡ ልምምድ... ወዘተ ወዘ. ከም ዘኾነ የረድእ። ንዘለኻ ጸዓት ዝትካእ ምምጋብ፡ እኹል ዕረፍቲ ምግባር፡ ኮታ ኹሉ ዝወሰድ ስጉምቲ ብመደብ ክኸውን ከም ዝግባእ ይገልጽ። ንሱ ክሳብ ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ንኽበጽሕ ሰንቂ ኾይኑ ዘሰለየ፡ ሞያዊ ምኽሪ ኦሎምፒኣዊ ተቐዳዳማይ የማን ነጋሲን ነፍ/ የማን ተኽስተን ከም ዝኾነ ይሕብር። ኣብ ዲሲፕሊን ጸቒጢ ማዕቶ ኣገዳሲ ከም ዝኾነ ብምሕባር፡ ተቐዳደምቲ ኣብ ዝነበሩሉ ኩሉ ዕላለም ብዛዕባ ብሽክለታ እንተዘይኮይኑ፡ ካልእ ዝዕልልዎም ከም ዘይነበረ ይዝክር።

ኣብ ግዜ ልምምድ፡ ካብ ሓደጋ መካይን ኣዝዮም ይጥንቀቑ ከም ዝነበሩ ብምዝንታው፡ ኣብ ከተማ ፈነስ ልምምድ ክገብሩ እንተደልዮም፡ ወጋሕታ መካይን ኣብ ዘውሓዳሉ ክለማመዱ ከለዉ፡ ኣብ ናይ በረኻ ድማ ዋላ ’ኳ ከም ድላዮም ብሰቕ ክወጹ ዝጸገሙ እንተነበሩ፡ ኣብ’ቲ ዝለማመዱሉ እዋን ብጥንቃቐ ይንቀሳቐሱ ከም ዝነበሩ ይዝክር።

“ሎሚ ኣብ ከተማ ምስ መካይን ሕልኽልኽ ክብሉ እዕዘብ እየ። እዚ ኣንጻር ድሕነት እዩ። ኣብ ልዕሊ ተቐዳደምቲ ዝጋጥሙ ዘለዉ ሓደጋታት ድማ ኣቃሊልካ ዝረኣዩ ኣይኮኑን፡” ብምባል ንኣንፉ ተቐዳደምቲ ቀዳምነት ንድሕነት ገይሮም ክለማመዱን ክውዳደሩን ከዘኻኽር ከሎ፡ ፈደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ይኹን ጋንታታት እውን ንድሕነቶምን ንሓፈሻዊ ዲሲፕሊን ዝምልከት ቀጻሊ ኸንቓስ ክገብራ ኣዘኻኺሩ።

ኣዳም፡ ኣብ ዝወዳደረሉ ዝነበረ እዋን ብዙሓት ተዘክሮታት ኣለዎ። ንገለኦም ብሰሓል ገሊጹለይ። ንገለኦም ድማ ብስእሊ ኣርእዩና። ምስ ማእከሎት እናተወዳደረ ኸሎ፡ ኣብ እንዳማርያምን ሞኖፖልዮን ክልተ ውድድራት ተሰሪዑ። ኣብ’ታ ቀዳመይቲ ውድድር ኣዳም ንመቐዳደምቱ ዙርያ ደሪቡ ወድድሩ ዛዚሙ። ብዙሕ ነጥቢ ሓፊሱ ድማ ናብ ዝቕጽል ውድድር ሰጊሩ። ኣብ ሞኖፖልዮ ሳልሳዋይ ኣድ ሐዘ እናተወዳደረ ከሎ፡ ውድድር ክዛዘም ሒደት ዙሩያታት ምስ ተረፍ፡ ጎማ ብሽክለታ ነፊሱዎ። ዋንጫ ጨበጡ ብደገፍቱ ተሓንጊሩ ሆ... ክብል ዝሓለሞ ሕልሚ ፈሺልዎ። ካልኣይ ደረጃ ወጺኡ ጎማ ብሽክለታ ተሻሊሙ።

ካብ ኣዲስ ኣበባ ዝመጸት ጋንታ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ማለት ምስ ነፍ/የማን ተኽስተ፡ ደሳለኝ ነጋሽን ካልኣትን ኣብ ከባቢ ሲነማ ሮማ ቅድድም ብሽክለታ ተኻይዱ ነይሩ። በዓል ኣዳም፡ ነቶም መወዳደርቶም ስለ ዘዕቅብዎም፡ ንኣድሕዶም ክወዳደሩ ክብሉ ተሓላሊኾም። እቲ ናይ ጋንታ ረብሓ ተረሲዑ። በዚ ድማ ጠርናፊቶም ተቐጢዖም። ኣብ ቦውሊንግ ሰፊሕ ኣኼባ ተገይሩ። እቲ ጉድለት ድማ ብኻልኦት ከይድገም ብመጠንቀቕታ ተሓሊፉ።

ኣብ 1988 ሻምፕዮን መን ወሰደ ዝብል ምትህልላኽ ዝመልኦ ጸወታ ተኻይዱ ነይሩ። እቲ ምፍጣጥ ድማ ኣብ መንጎ ጋንታታት ኣዲስኣበን ክራይ ኣብይተን ነበረ። ተጻወትቲ ጋንታ ኣዲስኡ ዋንጫ ከም ዝወሰዱ ተኣማሚኖም፡ ኩሎም ባድላ ክማልኡ ተሰማሚዖም። ጋንታ ክራይ ኣባይቲ ነታ ዋንጫ ክትወስዳ እንተኾይና፡ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሓሙሻይ ተቐዳደምታ ክዕወቱ ነይሩዎም። ኣብ መዛዘሚ ጋንታ ክራይ ኣባይቲ ቅያ ሰሪሓ። ብዘይካ ናይ ካልኣይ ደረጃ፡ ብኻልእ ኩሉ ነጥቢ ዝሕሰሮ ደረጃታት ሓፊሶም። ተቐዳደምቲ ጋንታ ኣዲስ ባድላም ከይለበስዎ ጠርኒፎምዎ ክምለሱ ከለዉ፡ ተቐዳደምቲ ክራይ ኣባይቲ ድማ ድሙቕ በዓል ምስ ደገፍቶም ከም ዘሕለፉ ኣዳም ይዝክር።



ነፍ/ ቢንያም ያሬድ፡ መማቕርቲ ቀመም ቅድድም ብሽክለታ ሰማንያታት’ዩ ነይሩ። ንወዲ ያሬድ፡ ናይ ኣንጻር ጋንታኡ ከይተረፉ ብውልቂ ይደግፉዎ ከም ዝነበሩ ዝፍለጥ እዩ። ኣብ ከባቢ እንዳማርያም ኣብ ዝውዳደሩሉ ዝነበሩ፡ ካብ ዓባይ ጉጅለ ወዲ ያሬድን የሴፍ ኣለምሰገድን ክሃድሙ ከለዉ፡ ዳንኤል ፍስሃየ ዝመርሖ ጉጅለ ድማ ሰዒቦም። ኣብ’ዚ ውድድር ነፍ/ የማን ተኽስተ ጸወታ ኣቋሪጹ ነይሩ። ኣዳም፡ ኣብ ጸቡቕ ቁመና እናሃለወ ብሽክለታ ኣቦላሽዩ። ብግዕዶ ቅያር ብሽክለታ ክትዓለወሉ ምልክት ገይሩ። ናይ የማን ብሽክለታ ከም ዝተዓለወትሉ ብግዕዶ ምስ ረኣየ ፍናን ተሰሚዕዎ። ኣብ ቀመት ፍልልይ እኳ እንተሃለዎም፡ ኣብ’ታ ዓወት ዝለመደቶ ብሽክለታ ተወጢሒ፡ ዝለመደቶ ኣይክእልኣን። ነተን ብቕድሚት ተፈንቲተናኦ ዝነበራ ጉጅለታት ኣርኪቡ ሰዒሩወን። ኣዳም፡ ቀዳማይ ክወጽእ ከሎ፡ ወዲ ያሬድ ካልኣይ፡ የሴፍ ኣለምሰገድ ሳልሳይ ደረጃ ብምሓዝ ውድድርም ከም ዝዛዘሙ ኣዳም ሓቢሩ።

ኣዳምን ቢንያም ምስዮናን ጸቡቕ ዕርክነት ኣለዎም። ዝ. ሓበሬታ ክህበ’ውን ቢንያም ኣብ ጎድኑ’ዩ ነይሩ። ክልተኦም ዝተሃላለኹላ ሓንቲ ኣጋጣሚ ዘከረለና። ኣዳም፡ “ይቕረ ተባሂልና ዝጸናናዮ እዩ። ሕጂ ግን ታሪኽ ስለ ዝኾነ ክንተናኽፎ” ኢሉ ኣዕለለና።

“እቲ ውድድር ኣብ ሲነማ ሮማ’ዩ ነይሩ። ኣነን ቢንያምን ንኹሎም ተቐዳደምቲ ዙርያ ደሪብናሎም። ጸወታ ኣዝዩ ብዓሪ’ዩ ነይሩ። ክልተና ሃሊኽና ኢና ነይርና። ኣብ ቅጽበታዊ ውድድር ኣነ ከይቀድሞ፡ ናብ ተዓዘብቲ ደፊኡ ኣእትዩኒ። ቢንያም ቀዳማይ ወጺኡ። ኣነ ድማ ካልኣይ ኮይነ። ሕርቃን ኣይተጻወርኩዎን። ብዘለዎ ተግባር ተቖጢዐ ናብ ገዛይ ከይደ። ደሓር ግን ቢንያም ተግባሩ ስለ ዝተረድኦ፡ ናብ ገዛና መጺኡ ‘ይቕረ’ ሓቲቱ። ናይ ስፖርት ኩራ ኣይቅንንን እዩ። ኣነ ሸዑ ገዲፈዮ። እንሆ ድማ ዝነግረኩ ዘለኹ፡” ብምባል ቢንያም እናመርሐ ኸሎ ንዝተሳእሉዎ ስእሊ ኣርእዩና።

ኣዳም፡ ኣብ 1990 ናብ ሰሜን ዓዲ እንግሊዝ ኣምሪሑ። ኣብኡ ብኤለክትሮኒክስ ኢንጂነሪንግ ኣብ ኪንግስቶን የኒቨርሲቲ ብዲግሪ ተመሪቑ። ብዘተማህሮ ዓውዲ ኣብ ስራሕ ዓለም ተዋፊሩ። እንተኾነ ግን ፍቕሪ ብሽክለታ ካብ ደሙ ስለ ዘይወጸኦ ቀጻሊ ልምምድ ይገብር። ኣብ በዓላት ናጽነትን 20 ሰነን ድማ ብጠንዴራ ኤርትራ ዝተሰርሐ ምሉእ ዕጥቂ ለቢሱ ብብሽክለታ ኣብ ከተማ ለንደን ምስ ብጾቱ ዑደት ይገብር።

ኣብ መወዳእታ ኣዳም፡ ምስ ከም በዓል ቢንያም ኣስመላሽ (ተቐዳዳሚ ነር)ን ካልኦትን ዝኣመሰሉ ግዱሳት ተቐዳደምቲ ዝነበሩን ሓቢሮም፡ “ማሕበር ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ነር” ዝበል ኣቐሚሞም፡ ዝተፈላለዩ ሓገዛት ይገብሩ ከም ዝነበሩ፡ እቲ ማሕበር ተዓኒዉ ’ኳ እንተጸንሐ፡ ብዙሓዩለ ኣገዛብ ተወዳዲሮም ኣብ ምዕባለ ብሽክለታ ሃገርም እጃሞም ንኸበርክቱ ብዙሓት መደባት ኣብጊሖም ከም ዝለዉ ሓቢሩ።

ኣሚን ተስፋይ

**መደብ ጸወታ**

ሎሚ

ፕሪመር ሊግ

ሰዓት 6፡30 ምሸት

ማንቸስተር ዩናይትድ ምስ ኣርሰናል

